19/05/2017

# <u>ሓበሬታ ንኹለን ቤተ- ክርስትያናት ኤርትራ፡ ከተማ ሲያትልን፡ ከባብኒኣን።</u>

በስመ ኣብ ወወልድ፡ ዎመንፈስ ቅዱስ ኣሃዱ ፡ ዎኣምላክ፡ ኣሜን።

ክቡራትን፡ ክህናትን፡ ምእመናንን፡ ናይ ክርስትያን ቤተ-ክርስትያናት ከተማ ሲያትል፡ ዋሺንግተን።

ኩልና ከም እንፈልጦ፡ ዕለት 24 ግንቦት 2017፡ ነታ ብብዙሕ ኣሽሓት ዝቑጸሩ ጀጋኑ፡ ህይወቶም ዝኸፈሉላን፡ ዝሰንኪሉላን፡ ነጻነት ሃገርና፡ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይተጸበዮ ኩነታት፡ ካብ ጥልመትን፡ ክሕደትን፡ ናይ ስዉኣት ብጾቶም፡ ዝተላዕሉ ውሑዳት ከዳዓት ደቂ ሃገር ተመንዚዓ፡ ኣብ መበል 26 ዓመት በዓል ነጻነታ ጌና ቅዋም ኣልቦ ኮይና፡ ህዝባ እምነቱን ፡ ባህሉን ስኢኑ፡ ብዘይ ፍርዲ እናተኣስረን፡ እናተረሸነን፡ ኣብ ገዛእ ሀገሩ፡ ጌና ኣብ ውሽጢ ገሃንመ- እሳት ዝኾነ መነባብሮ፡ ይነብር ኣሎ።

በዚ ምኽንያት’ዚ፡ ናይ’ዚ ዓመት ኣበዓዕላ በዓዕ ነጽነትና ፡ ከም’ቲ ዝጸንሔ ጉጉይ ዝኾነ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሃገርና ዘሎ ዘስካሕክሕ ኩነታት መነባብሮ ህዝብና ኣብ ግምት ዘየእቱ፡ ናይ ጭፈራን፡ ጓይላን ፡ ዳንኬራን፡ ዝዓብለሎ ኣገባብ፡ ዘይኮነስ፡ ዝግባእ ኽብርን፡ ዝኽርን ናይ’ቶም ጀጋኑ ስዉኣትና ሂብካ፡ ነቲ ዝተወፈዩሉ ቅዱስ ዓላማ ቅኑዕ ትርጉም ዝህብን፡ ከምኡ ከኣ ኣውያት ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ኣቦታትናን ኣዴታትናን ጽን ኢልና ሰሚዕና ፡ ድሕሪ ምምይያጥን፡ ምርድዳእን ፡ ብሓባር ፍታሕ ኣንድህስሰሉ ኣገባብ እዩ።

ስለ’ዚ ኩልና ሰብ ሕልናን ፡ ኣኽበርቲ ስዉኣትናን፡ ስንኩላትናን፡ ኣፍቀርቲ ሃገርናን ህዝብናን፡ ብጥርናፌ፡ ንበዓል ነጻነትና፡ ሽምዓና ወሊዕና፡ ብጸሎትን፡ ዝኽርን፡ ስውኣትና፡ ኣብ’ዚ ዝስዕብ ኣደራሽ፡ 3515 South Alaska Street, Seattle, WA 98118, እነብዕለሉ ዕለት እዩ ። ዝግበረሉ ቦታን ዕለትን ከኣ ፡ 26 ግንቦት፡ 2017፡ ልክዕ ሰዓት 6 ድሕሪ ቀትሪ እዩ ።

ብፍላይ ከኣ ፡ መራሕቲ ሃይማኖትና ፡ መታን ኣብ ጸሎትን፡ ምህለላን ፡ ክትመርሑና፡ ብኽብሪ ንዕድምን፡ ንምሕጸንን ፡ ኣሎና።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና !!

ክብርን፡ ሞገስን ንስንኩላንና።

ኤርትራውያን፡ ደለይቲ ፈትሕን፡ ደሞክራሲን ፡ ተቐማጦ ከተማ ሲያትልን፡ ከባቢኣን